22 ግንቦት 2006

## መግለጺ ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 15 ዓመት በዓል ነጻነት ኤርትራ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ህዝቢ ኤርትራ ንሕሱም ኢትዮጵያዊ ባዕዳዊ መግዛእቲ ብተኣምራታዊ ዝኾነ ጅግንነት ስዒሩ፡ ስማዊ ነጻነት ካብ ዝጓናጸፍ እንሆ ድሮ 15 ዓመታት ኮይኑ ኣሎ። ስለዚ ንመዓልቲ ነጻነት ክንዝኽርን ከነኽብርን ከለና፡ ስቅ ኢልና ብጓንጓ ትሕዝቶ ሓርነት እናተዛነና፡ ክንድብልን ክንስዕስዕን ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ብክንዲ'ቲ ዘካየዶ መሪር ነጻነታዊ ተጋድሎን ዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእትን፡ ኩሎም እቶም ዘይነጽፉ ሃንቐውትኡን ሃረርትኡን ሽቶኦም ሃሪሞም'ዶ ? ኢልና ክንግምግም ግድነታዊ ሓቂ'ዩ። ኤርትራ ኣብዚ 15 ነጻነታዊ ዓመታት"ዚ ዝተጓነጸፈቶም ዓወታትን ዘርኣየቶም ፍሽለታትን ክንግምግም እንተደኣ ዘይበቂዕና፡ ሓልዮት ህዝብናን ሃገርናን ከም ዘይብልና የመላኽት። ከም ሰባትን ዜጋታትን ድማ፡ ኣእምሮና ብዕርበተ-ሕልና ዝደቐሰን ዝሞተን ካብ ምኳን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ክርኸቦ ዝኽእል ኣይኮነን።

እወ ! ህዝብና ባዕዳዊ መግዛእቲ ነጺጉን ጸሪጉን ክቡር ነጻነቱን ልዕላውነቱን ዘውሕሰላ፡ ክብርቲ ሃገር ክምስርት ድሌት ከም ዘለዎን፡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይኣቱ ቅኑዕ ምርጭኡን ምኳኑ፡ ብግብሪ ኣመስኪሩ'ዩ። ኤርትራ ተራ ሃገራዊ ባንዴራኣ ኣንበልቢላ፡ ኣብ ኣህጉራዊ መጋባኣያታት ተፈላጥነት ክትረኽብ፡ ከም ዝገበረ'ውን ፍጹም ክንፈላለየሉ ንኽእል ነጥቢ ኣይኮነን። ኮይኑ ግና ኤርትራ ድሕሪ ነጻነታ፡ ውሽጣውን ግዳማውን ሰላም ከተውሕስ ከም ዘይበቅዐት ምንም ዘጠራጥር ነገር የብሉን። ፖሎቲካዊ ደሞክራሲ ዝነገሳ፡ ምዕሩይ ፍትሕን ማዕርነትን ዝሰፈና፡ ምዕብልትን ብልጽግትን ሓዳስ ኤርትራ ክትህነጽ ኣይከኣለትን። ብኣንጻሩ ዜጋታታ ኣብ ገዛእ ሃገሮም፡ ብማእለያ ዘይብሉ ራዕድን ሽበራን ህግደፍ ዝሸቑረሩላን ብኩናት ዝሕመሱላን ዝዓንውላን ሃገር ክትኸውን ግን ግዜ ኣይወሰደትን።

ዝኽሪ መበል 15 ዓመት በዓል ነጻነት ኤርትራ ኣብ ዝበዓለሉ ዘሎ ግዜ፡ ኣጉል ጃህራታትን መብጻዓታትን ትምክሕታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ፖሎቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ጸገማት ሃገርና ቀሪፉ፡ ንህዝብና ዘዕግብ ውሕስነት መግቢ ክረጋግጽ ኣይተራእየን። እቲ ብዙሕ ዝምደረሉን ዝዝመረሉን ወፍሪ ዋርሳይ ይኸኣሎ'ውን እንተኮነ፡ ንኤርትራ ናብ ሲንጋፑር ክልውጣ ኣይካኣለን። ኮይኑ ግና ኣብዚ ግዜ'ዚ ሃገርና ካብ ዝኮነ እዋን ንላዕሊ ንከቢድ ሓደጋ ተጋሊጻ፡ ህዝብና መርኣያ ዝኸፍአ ዓፈናን ዓጸቦ ጥምየትን ሓሳረ-መከራን ኮይኑ ምህላው፡ ናይ ኣደባባይ ምስጢር'ዩ። ሎሚ ህዝብና ኣብ ልዕሊ'ቲ እኩል ቀረብ ዕዳጋታትን ኣገልግሎት ኤለክትሪክን ምሕራሙ፡ ካሕሳ ናይቶም ንዳግመ-ስደት ክውሕዙ ዝተገደዱ ደቁ፡ ክኸፍል ዝቐሰበሉን ብጨካን ሓለንጊ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ዝምዝመዘሉን ዘሎ ግዜ'ዩ ነዚ በዓል'ዚ ዘብዕሎ ዘሎ።

እቲ ጭውነትን ጽንዓትን ለዋህነትን መለለይኡ ዝነበረ ህዝብና፡ ሰናይ ሕውነታዊ ጉርብትናን ምድንጋጽ ማ/ሰብ ዓለምን ተነፊግዎ፡ ተነጺሉን ክሳዱ ደፊኡን ክነብር ይግደድ ኣሎ። እቲ ኣፍ-ልቡ ገቲሩ ፍቆድኡ እንባሕ እናበለ ኮሪዑን ተደሪሩን ዝሓድር ዝነበረ ኤርትራዊ፡ ብሰንኪ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ብዜግነቱ ዝሓፍረሉን ብዓይኒ ጽልኢ እናተጠመተ፡ ርእሱ ናብ ዘድንነሉን ብርኪ ወዲቑ ኣሎ። ኮታ ህዝብና ብውሽጢ ንዘይተኣደነ፡ ኣረሜናዊ ግፍዕታትን ጭቆናታትን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዝተጋለጸ ህዝቢ ምኳኑ፡ ይትረፍ ነቶም ደቂ-ሕጓ ካብ ጓኖት'ውን ዝተሰወረ ሓቂ ኣይኮነን። ኣብ ደገን ስደትን ዝርከቡ ዜጋታትና ድማ ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝግለጹ፡ ንከበድቲ ጸገማትን ሕሰመ-መከራን ዝተሳጥሑ ምኳኖም ዘጠራጥር የብሉን። ስለዚ ኣብ ክሊ'ዚ ብጨቛኒ ስርዓት ህግደፍን ዕሱባቱን ዝኽበር ዝኽሪ በዓልን ዝግበር መደረን ዳሜራን ጓይላን፡ ንህዝብና ትርጉም ዘይብሉን ዘይውክሎን'ዩ።

ይኹን ደኣንበር እቶም ንጸቢብ ጉጅላዊ ፖሎቲካዊ ስልጣኖም ምሕላውን ምውዳስን ጥራሕ ዝለመዱ፡ ሓልዮት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘይተዓደሉ ተኾላታት ህግደፍ፡ በቲ እናፈጸምዎ ዘለው ኣበሳታት ገና ዝረወዩ ኣይኮኑን። ስለ ዝኾነ ድማ በቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና እናፈጸምዎ ዘለው፡ ጨካን ባርባራዊ ግፍዕታት ከይተሰቀሮም<< ይትረፍ ንሰብ--ንጸሓይ እተድንን>> ኣርሓ ህግደፍ ንዘለኣለም ንበር ንበረልና እናበሉ፡ በቲ ግብረ-ክፋእ ክወዳደሱን ክሞንጎሱን ፍጹም ሕፍረት ዝስምዖም ኣይኮኑን። ያኣይሲ እቲ ብጉዳይ ኤርትራን ህዝባን እንዶ ዘይብሉ፡ እንባ-ገነናዊ ኤሰያስ ኣፈወርቂ ገቢረ-ተኣምርን ሊቀ-ሊቃውንቲ ዓለምን ኮይኑ፡ << ኣታ ፍገም ገጹ--ቃልኻስ ሰብ ኣናዊጹ፤ ኣታ ንበረልና ንበር--ሃገረ ክትውስኽ ተኣምር፤ ኣታ ንበር ኣታ ንበር--ዓለም ጸገማታ ክትምርምር------ወዘተ>> ብዝብል ክድረፈሉ ንሰምዕ ኣሎና። ንሱ'ውን ኣብ ህዝብና ብዘለዎ ክቱር ንዕቀትን ብድዐን፡ በቲ ኣጉል ሞጎስን ውዳሰን ፍናን ተሰሚዕዎ፡ ከናፍሩ እናኣረማጠጠ ኣብ መድረኽ ኳዕነን ክብል ንዕዘብ ኢና።

እወ ብርግጽ! ውጹዕ ህዝብና በቶም ደቀይ ኢሉ ዝኣመኖም ደቂ ሃገር፡ ክንድ'ዚ ዝኣኽል ጥልመትን ኣደራዕን ምፍጻሙ፡ ክሳብ ክንደይ መሪርን ሕሱምን ምኻኑ ካብ መስርሕ ስማዊ ነጻነቱ፡ ብዙሕ ተመክሮ ቀሲሙን ዓቢ ትምህርቲ ሓፊሱን ኢዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ብጀካ መራሕቲ ህግደፍን ጸረ-ህዘቢ ስርዓቶምን፡ ካልኦት ጸላእቲ ከም ዘይብሉ እናተጋህደሉ ከም ዝመጸ ዘይሰሓት'ዩ። ስለ ዝኾነ ድማ በቲ ዘጋጠሞ ከቢድ ጥልመት ከይተሰናበደን ብግብረ-ሽበራዊ ተግባራት ስርዓት ህግደፍ ከይተዳህለን፡ እቲ ህያው ጅግንነታዊ ተጋድልኡ ክደግሞ ጥራሕ ይግባእ። ከምዚ ኢሉ ክዘለቆ ከም ዘይኽእልን ነቲ ካብኡ ዘይተርፍን ዕማም ብግቡእ ተረዲኡ፡ ህዝባዊ ጭዋዳታቱ ዝግትረሉ እዋን ሕጂ'ዩ። ምዩቕ ዘይብለላ ሓዳስ ህዝባዊት ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንምህናጽ፡ ኣብ ጎኒ እቶም ፍትሓዊ ቃልሲ ዘካይዱ ዘለው ደቁን ወድባቱን ተሰሊፉ፡ ንመራሕቲ ህግደፍ ብስመይ ሽፈጥ ይኣክለኹም ፎእ ወርቅኹም ፎእ ጨርቅኹም ዝብለሉ ግዜ በጺሑ ምህላው ክግንዘብ ይህልዎ።

ፍትሓውን ደሞክራስያውን ቃልሲ ዘካይዱ ዘለው ደቁን ውድባቱን፡ ክነዓቕ ዘይግብኦ ኣሉታዊ ተመክሮታቶምን ድክመታቶምን ኣወጊዶም፡ ኣብ ክሊ ሓደ ሓባራዊ መኣዲ ቃልሲ ዓሲሎም፡ ሰናይ ባህሊ ምክብባርን ምትእምማንን እናኣጥረዩ፡ ይቃለሱ ምህላዎም ከስተውዕል ይግባእ። ከምኡ'ውን ነቲ ሓባራዊ መኣዲ ቃልሲ ዘኻናጸሮም ዓወታት ብምዕቃብ፡ ንተኣፋፊ ኩነታት ሃገርናን ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ሕሰመ-መከራን ብዕቱብ ድሕሪ ምግምጋም፡ ሓድሽ ሓሳባትን ርእይቶን እናማዕበለ ከም ዝመጸ ክስሕቶ የብሉን። ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ክህልውና ዝኽእሉ ካልኣዊ ፍልልያት ኣወንዚፍና፡ ምእንቲ ህዝቢ ቅቡል ፖሎቲካዊ ሕድገታት እናገበርና፡ ብሓድነት ካብ ምጽንባል ወጻኢ ካልእ ቁኑዕ ምርጫ የልቦን ብዝብል፡ ምጽንባር ገለ ውድባት ኣብ ቀረባ ግዜ ጋህዲ ክኸውን ተቐራሪቡ ኣሎ።

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብቆራጽነት ዝተበገሰ፡ ጩራ ሓድነትን ውልዶ ናይዚ ሓድሽ ሓሳባትን ተመክሮን'ዩ። ድሕሪ ዘይሕለል ጻዕርን ዝተሓላለኸ ጉዕዞን ድማ፡ ንወርሒ ሓምለ 2006 ብመስመሪ ጉባኤኡ ኣቢሉ፡ ብጭቡጥ ሓድነት ክጽንበል ዝወሰነ ፖሎቲካዊ ሓይሊ ምኻኑ፡ ብኣዋጃቱ ደጋጊሙ ገሊጹ'ዩ። እዚ ተመኩሮ'ዚ ኣብ መስርሕ ደሞክራስያዊ ቃልስና፡ ኣውንታዊ ዝላን ስጉምትን ስለ ዝኾነ፡ ህዝብና ኩሉ እንተናዊ ደገፉቱ ክልግሰሉ ይግባእ። ከምኡ'ውን ኩሎም ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ውልቀ ሰባትን ልክዕ ከም ኣምሳልን ኣካልን ዓወቶም ብምውሳድ፡ ከተባብዕዎን ክሕብሕብዎን ጥራሕ ይህልዎም።

ዓወት ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!!
ዓወት ንመስመሪ ጉባኤ ግሃድኤ!!